ዕለት 24 april 2020
ጉዳይ ናይ ዑቕባ ኢንተርቪዋት ኣብ ግዜ ቅልወላውኮሮና

ዝኸበርካ ኣቶ/ወይዘሮ፡

ኣብ ሃገረ ኔዘርላንድ ዑቕባ ሓቲትካ ኣለኻ። ኣገልግሎት ኢሚግሬሽንን ዜግነትን (ኢ.ኤን ዴ)፡ ነቶም ኣብ ኔዘርላንድ ዝቐረቡ ናይ ዑቕባ ሕቶታት ምላሽ ዝህብ ትካል እዩ። ከምቲ ምናልባት ድሮ ኣስተብሂልካሉ ዘለኻ፡ ቫይረስ ኮሮና ኣብ ስርሕ ናይ ትካል ኢ.ኤን ዴ እንተኾነ'ውን ጽልዋ ይሕዲሩ ኣሎ። እቶም ምስ ቫይረስ ኮሮና ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት፡ ንዓኻ ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ዝረኣየሉ ኣገባብ ዝምልከቱ ብዙሓት ሕቶታት ከምዝህወልኻ ክገብር ከምዝኽእል ኢ.ኤን ዴ ይርድኦ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ድማ፡ ብመንገዲ እዚ ደብዳቤ ጌርና፡ ብዝኻኣለ ማጠን ዝግባእ ሓበሬታ ክንህበካ ኢና።

ካብ ዕለት 15 መጋቢት 2020 ኣትሒዙ፡ ኢ.ኤን ዴ ዝኾነ ይኹን ናይ ዑቕባ ዝርርባት (ኢንተርቪዋት) ኣየካየደን። ብኸምዚ ኣገባብ፡ ኢ.ኤን ዴ ነቲ መንግስቲ ኔዘርላንድ ንህዝቢ ካብ ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ንምክልኻል ዘወጽኦ ሕግታት የኽብር ኣሎ።

ኣብ'ዚ ደብዳቤ፡ ኢ.ኤን ዴ ብኸመይ ኣገባብ ኢንተርቪዋት ናይ ገለ ክፉል ሓተቲ ዑቕባ ክሰምዕ ወይ ከካየድ ምኽኑ ከተንብብ ኢኻ። ብተወሳኺ፡ እዚ ንዓኻ እንታይ ጽልዋ ኣለዎ ድማ ከተንብብ ኢኻ።

**ትካል ኢ.ኤን ዴ ናይ ዑቕባ ኢንተርቪዋት ብመንገዲ ኢንተርነት ብኮምፒተር ከካይድ ክጅምር እዩ**
ኣብ ምስ ኢ.ኤን ዴ ዝግብሩ ዝርርባት፡ መበዝሕትኡ ግዜ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት ኣብ ንእሽቶ ቦታ ንነዊሕ ግዜ ክጸንሑ ይግደዱ። ብኸምዚ ኣገባብ፡ ነቲ ንለበዳ ቫይረስ ኮሮና ንምግታእ መንግስቲ ዘወጽኦ ስጉምትታት (ንኣብነት ካብ ሓድሕድካ ናይ 1 ሜትሮን ፈረቓን ምርሕሓቕ ዝብል) ክትክተሎ ከቢድ እዩ።

በዚ ምኽንያት እዩ ድማ ኢ.ኤን ዴ ነቶም ናይ ዑቕባ ኢንተርቪዋት ብኢንተርነት ከካይዶም።

ፈለማ፡ ጠበቓኻ ነቲ ብኢንተርነት ዝካየድ ኢንተርቪው ከቀራርበካ እዩ።

ንጽባሒቱ፡ ሰራሕተኛ ኢ.ኤን ዴ፡ ምሳኻ ብኢንተርነት እንዳተረኣኣየ ዝርርብ ከካይደልካ እዩ። ተርጓሚ ድማ ብኢንተርነት ነቲ ዝርርብ ክጽምብሮ እዩ። ካልእ ዝሕግዘካ ኣካል እንተልዩ'ውን ነቲ ዝርርብ ብኢንተርነት ክጽምብሮ ተኽእሎ ኣሎ። ኩሎም ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ዝካየድ ዝርርብ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ እዮም ዝህልዉ። ንስኻ፡ ኣብ መዓስከርካ ኣብ ቅድሚ ኮምፒተር ኮፍ ትብል። ኣብ'ቲ ዝርርብ ሓገዝ ዝገብሩ ኣለይቲ ኣብ'ቲ መዓስከር ኣለዉ። ንሶም ንኣብነት፡ እቲ ናይ ኮምፒተር ነገራት ከመይ ከምዝሰርሕ የረዱእኻ። ብተወሳኺ ንሳቶም ዝኾነ ይኹን ቴክኒካዊ ወይ ካልእ ጸገማት ምስ ዘጋጥም ይተሓጋገዙኻ።

ኣብ ገለ እዋናት፡ ጠበቓኻ እቲ ኢንተርቪው ከመይ ከምዝነበረ ምሳኻ ክዛራረብ ይደሊ (ድሕሪ ኢንተርቪው ምስ ጠበቓ ዝግበር ዝርርብ)። እዚ ኣድላዪ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ምስ ጠበቓ ዝካየድ ዝርርብ'ውን ብኢንተርነት እዩ ዝካየድ።

**ኢ.ኤን ዴ ብውሑድ ጉጅለ እዩ ብኢንተርነት ኢንተርቪው ምግባር ክጅምር**
ኢ.ኤን ዴ፡ በቶም ኣብ ዝተቓልጠፈ ማስርሕ ዑቕባ ዘለዉ ሓተትቲ ዑቕባ እዩ ክጅምር። እዚኣቶም፡ ካብ ሶርያ፡ የመንን ቱርክን ዝመጹ ሓተትቲ ዑቕባ እዮም። እቲ ብኸምዚ ኣገባብ ዝካየድ ኢንተርቪው ጽቡቕ ምስ ዝሰርሕ ጥራሕ እዩ እንዳሰፍሐ ክኸይድ ዝኽእል። እዚ ማለት፡ ኢ.ኤን ዴ፡ ኣብ ዳሕራይ እዋን ካብ'ዞም ዝተጠቕሱ ጉጅለ ወጻኢ ካልኦት ሓተቲ ዑቕባ ብኢንተርነት ኢንተርቬው ከግብር እዩ።

**ምናልባት ንስኻ ብኢንተርነት ኢንተርቪውን ኽትገብር መጻዋዕታ ክመጻካ ይኽእል እዩ**

ኢ.ኤን ዴ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ኣየኖት መዳስከራት እየን ብኢንተርነት ኢንተርቪውከተካይደለን ትኽእል ኣብ ምጽራይ ይርከብ። ሙታን ብመንገዲ ኮዋ ዕድመከበጽሓካ፡ ንስኻ ኣብ ክትርከበሉ ትኽእል ኩነታት ክትጸንሕኣገዳሲ እዩ። እቲ መጻዋዕታ፡ ብመንገዲ ኣብ'ቲ ኣብ ሪሰፕሽን ዝልጠፍ ናይ ፖስጣ ዝርዝር እዩ ዝካየድ። ኣብ መዳስከር ናይ ኮዋ ኣይኮንካን ትነበር ዘለኻ? ኣብ ከምኡ ኩነታት፡ ኣበየ ናይ ኣድራሻ ትነብር ከምዘለኻ ንኮዋ ሓብር።

**ኣብ'ቲ ናይ ዕድመወረቐት ዝያዳ መብርሂ ክወሃበካ እዩ**

ብመንገዲ ኢንተርነት ኢንተርቪውን ኽትገብር ናይ ዕድመወረቐት ምስ ተዋሃበካ፡ ብዛዕባ እዚ ብሰንኪ ቅልወላው ተኣታትዩ ዘሎ ለውጥታት ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብኡ ከተንብብ ኢኻ። ብተወሳኺ፡ ነቲ ዝካየድ ዝርርብ ብኸመይ ኣገባብ ክትቀራረበሉ ከምትኽእል (ምስ ጠበቓኻ ብምኧን) ኣብኡ ሓበሬታ ክህሉ እዩ።

**ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ፌ.ቬ.ኤን) እንተላይ ኣብ ቅልወላውኮሮና ክተሓባበረካ እዩ**

ብሰንኪ ወይ ብዛዕባ እዚ ደብዳቤ ሕቶታት ኣለዉኻ ድዮም? ምስ ማሕበር ተሓጋገዝቲ ስደተኛታት (ፌ.ቬ.ኤን) ርከብ ግበር። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መዳስከር፡ ን ፌ.ቬ.ኤን ክትረኽበሉ ትኽእል ኣገባብ ዝሕብር ሓበሬታ ኣሎ። ክትድውል ወይ ብ ዋትስኣፕ (Whatsapp) መልእኽቲ ክትሰድድ ወይ ድማ ኢሜይል ክትጽሕፍ ትኽእል። እንተደሊኻ'ውን፡ ፌ.ቬ.ኤን ኣብ'ቲ ዝካየድ ዝርርብ ከምዝህሉ ክግበር ይከኣል እዩ።

**እዚ ደብዳቤ፡ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተዳልዩ፡ ኣብ ናይ መርበብ ገጽና ክልጠፍ እዩ**

እዚ ደብዳቤ፡ ኣብ መርበብ ገጽ ind.nl/asielzoeker ክልጠፍ እዩ። ነዚ ደብዳቤ፡ ብቋንቋታት ዓረብ፡ ኢንግሊዘኛ፡ ፋርሲ፡ ትግርኛን ቱርክን ከተንብቦ ትኽእል። ብዛዕባ ቫየርስ ኮሮና ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ መርበብ ገጽ ind.nl/coronavirus ተወከስ። ንኻልኦት ጉዳያት ዝምልከቱ ሕቶታት ምስ ዝህልዉኻ ድማ፡ ናብ ማእከላይ ሓበሬታ ብቑጽሪ ስልኪ 088 04 30430 ደውል።

ምስ ሰላምታ፡

ኣ. ኤን. ሞለማን
ዳይረክቶር ዐቓባን ምክልኻልን

ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ገጻት መርበብ ክትረክብ ትኽእል፡-

www.ind.nl
www.coa.nl
www.rvr.org
www.vluchtelingenwerk.nl